# „ሓቐኛ ሕውነት፡ ሓድነት ይፈጥር"

ኣብ ህልው-ዘመና፡ ክንዕወተሉ የድልየና እዩ እንብሎ እንተ-ሃለወ፣ „ሓድነት" ካብ ዚብል ቃል፡ ንላዕሊ ኪርከብ ዘበት ኣይ-ክኣልን። እዚ ከዓ፦ ሓድነት ናይ ሃገራትና፣ ሓድነት ናይ ኣፍሪቃና፣ ሓድነት ናይ ዓለምና፣ ሓድነት ኣብ መንጎ ሃይማኖታትን፡ ቀቢላታትን፣ ሓድነት ኣብ ቤተክርስትያን፣……ዘጠቓለለ ኩነተ - ተርእዮ ማለት-እዩ። ሓድነት ኪበጣጠስ እንከሎ፣ ምስ-ሓድሕድ ኪህሉ ዚግብኦ ርክብ፡ እና-ኣጸገመ ይኸይድ፤፤ ናዕብን፡ ሾፖሮን፡ እና-ዘየደ ይኸይድ። እዚ ኸዓ፡ ነቲ ኩነተ ማሕበራዊ ኣከያይዳና ጥራሕ ዚጸሎ ዘይ-ኮነስ፣ ንናይ ቤተክርስትያን ኩነት'ውን ብቐጥታ ዚትንክፍ ኰይኑ ንርኸቦ። በዚ ኸዓ፣ ኩነታት ኣየር'ውን ክሕርፍፍ ጀሚሩ ይርከብ። ከባቢ ህዋና ጻዕቂ ዚበዝሖ፣ ናይ ቃላት ውግእ ከዓ ክደራረብ ጀመረ። እቱይ ፈተና ክጋደድን፡ ቦታ ንክረክብ ከቓምትን ይርኤ ከም-ዘሎ'ዩ። ናብ ግላዊ በዓትኻ ንኽትሕባዕ፡ ድሕሪት ምድሕርሓር-ግን መፍትሒ ዘምጽእ ኣይ-ኮነን። ምኽንያቱ ንሕና ሓደ-ኣካል ናይ'ቲ ሓባራዊ ጸገም ስለ-ዚኾና፣ እሞ ኸዓ እቲ ሰብኣዊነትን፣ እታ ሓንቲ ዓለምን ምስ ሓድሕድ ዚገጣጠሙ ብምኳኖም። ካብ ተመኵሮ ዓለምና ተላዒልና፡ ነቲ ህልው ኩነተ-ለውጢ ክንዛረበሉ እንተ-ኾይና፣ ለውጢ ናይ ኣየር „ጽቡቕ እዩ ዘግብር፣ ነፃ ኰይንካ ክተስተንፍስ ምርካብ ከዓ ብዚዘየደ ጽቡቕ'ዩ"። ካብኡ ብዚበለጸ ግን፡ ንሕና እቶም ደቂ-ሰባት፡ ከም-ሓፍትን፡ ሓውን ብምኳን፣ ብሓባር ሓናጺ ኣስተዋጽኦና ክነበርክትን፣ ምስ ሓድሕድ ብዛዕባ ተፈጥሮ ክንግደስን፣ ሓባራዊ ገዛና ምኳኑ ክንርዳእን፣ እግዚኣብሔር ፈጣሪና፣ ንምእንቲ ጥቕምና ቢሉ፡ ንምእንቲ ክንሳሰየሉ ዚዓደለና ምኳኑን ክንኣምን፡ ከም-ዚግብኣና እዩ። ኩሉ ሓባራዊነት ናይ እምነትን፣ ናይ ውጣኔን፣ ናይ ትግባሬን፣ ኣብ ሓደ ጸጣሕ ቦታ'ዩ ተኾሚሩ ዚርከብ። ንሕና ኸዓ ብናይ ዓለም-ለኻዊነት ኣመለኻኽታ ዚተጣመርና ምኻና ኢና። ነፍስ-ወከፍና ነቲ ዚጓነፈናን፣ ገለ-ሳዕቤን ከስዕበልና ንዘሎዎ ኩነተ-ጸገም ብሓላፍነት ተሓተቱን፣ ተሰከምቱን ኢና። ነዚ መሠረት ብምግባር ከዓ ኢና ኣብ ዓለምና ንዚመጽእ-ዘበለ ጸገማትን፡ ለውጥን፡ ተሓተቱ ኢና ዘብለና። ምኽንያቱ፦ ነቲ ተዋሂቡና ንዘሎ ተፈጥሮ፣ ከም ኣካልና፦ ናትና'ዩ ክንብሎን፣ ክንሓልየሉን እንተ-ዘይ-ተረኺብና፡ ንሱ'ውን ብተራኡ ቀኍጥዓኡ ከርኢ ናይ ግድን ይኾኖ። እምበኣር፦ ሓባራዊ ምትሕብባር፡ ብዘይ-ውዓል-ሕደር ንክትግበር ክትለም እንተ-ተረኺቡ፣ ተስፋ ዘይ-ብልና ኰይና ከም-ዘይ-ንተርፍ ዚተረጋግጸ እዩ። ንመላእ ምድረ-ሰማይ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርናን፣ ብኣእዳውናን ጨቢጥናያ ማለት'ውን ኣይ-ኮነን። እቱይ እምነተ-ክርስትናና'ውን ንናይ ኩሉ ሰብኣዊ-ዚኾነ ዕለታዊ ጸገማትና ዚፈትሓልና'ዩ ጥራሕ እንብሎ ዘይ-ኮነስ፣ „ትብዓት ዘውህብን፣ መደልደሊ ቪታሚን ዚወግእን ኰይኑ ኪርከበልና ይኽእል። ሓደው ክፋል ካብ'ቱይ እንረኽቦ ቪታሚናት ከዓ፦

ከም'ዚ ዓመት-መጸ ዕለታቱ ቈጺሩ ዚመጸና ዘመናት ናይ ጾመ-ትንሣኤን፣ ካልእን...መንፈሳውነት ዘቅስመና መሪሕ እዩ። ካብ ውሉድ-ወለዶ ከም-ኣፍኣዊ ብሂል ድዩ ወይስ ስኡድ ዚኾነ ወድዓዊ-ትምህርቲ ብዘየገድስ፣ ቤትክርስትያን ክርስቶስ እተስተምህሮ ትምህርቲ ኩሉ፣ ብመንፈሳዊ መዳይና ንምእንቲ ክንጸድቅ፣ ብማሕበራዊ ኩነትና ኸዓ ንምእንቲ ክንምዕብልን ስለ-ዚኾነ፣ ብኣርምሞ እንከታተሎ ኪኾነና ኪኽእል ኣሎዎ። በረከት ዘብዝሓልና ይኹነና። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod: 2023



ወለደይን፡ ሰበኽተይን፡ መኻይድተይን፡- ንሕናስ፡ ንጸውም ኣሎና እንተ-በሉስ፣ ኣነኸ እንታይ በልኩ ይመስለኩም፧ እስከ ቃልኩም ሃቡኒ!!

....እወ!
....ኣይ-ፋለይን!
....የሎኹሉን!
....ኣይ-ፈለጥኩን!
....ካብ እንታይ፧
....ንምእንቲ እንታይ ኢሉ፧
....ንመን ኢሉ፧
....ንዓመታ'የ! ...ዚብል ምላሽ ሂብካ ትኸውን?

....ኣህእ..ረኺብኩምዋ። ......ከምኣ'ያ። በሉ ጸጽቡቑን፡ ፍርያት ንዘውህብን ንከተል፨

ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ
ለቡ/NB)ሓበሬታ ዚደሊ፡ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል
Mühlrain 51, D-70180 Stuttgart; Tel.0711-6494647, Fax-6491143